ፍኑው መሰል የለን፡ መሰል ከም ህያብ ትዋሃቦ ኣይኾነን፡ መሰል ጉቡእካ እናፈጸምካ ተዋሕልሎ እዩ።

ኣብ ዓለም ሕጊ ዘይብሉ ህዝቢ ወይ ሃገር የለን። ሕግታት ተፈጥራዊ ክኾኑ ይኽእሉ ወይ ሰብ ዝተኸሎም። ክልቲኦም ወዲ ሰብ ተሰማሚዑን ተኸባቢሩን ክነብር ይገብሩዎ። ሕግታት ከከም ባህሎምን ልምዶምን ካብ ሃገር ናብ ሃገር ክፈላለዩ ይኽእሉ። ገለ ምዕቡል ገል ድሑር ፡ ገለ ሕግታት ፍትሓዊ ዘይኮኑ ንገል ደርቢ ዘገልግሉ፡ ንገለ ድማ ዝዶቕሱ ክኾኑ ይኽእሉ። ንኣብነት ኣብ መስፍንነት፡ ሃጸይነት፡ ርእሰ ዴስነት ዘለዉ ሕግታት ሓደ ዓይነት ኣይኮኑን። እቲ ቀንዲ ነገር ግን ሕጊ ዘይብሉ ህዝቢ ወይ ሃገር ዘይምህላው እዩ።

ሕጊ ከም ድላይካ ካብ ሕጊ ወጻኢ ዝኾነ ተግባራት ክትገብር ኣየፍቕድን። ሕጊ ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ክምስረት ከሎ ኹሉ ወዲ ሃገር ብኡ ክምእዘዝ ኢሉ ስለ ዝወጽእ፡ ነየናይ ደርቢ ወይ ኣካል ሕብረተሰ የርብሕ ወይ ይሃሲ ብዘየገድስ ኣብ ግብሪ ይውዕል። ደቂ ሰባት ብተፈጥሮ ሓደ ዓይነት ባህርያት ስለ ዘይብልና ብኡ መሰረት ድልየታትና ክፈላለ ናይ ግድን እዩ። ንኹልና ድልየታትና ዘማልእ ክንዲ ብዝሕና ዝቕውም ሕጊ ክህሉ ኣይካኣልን። ኣብተን ዝሓሻ ዝበሃላ ሃገራት (መንግስታት) ዝሓሸ ሕጊ ኣሎ ኢልካ ክትዛረብ ይከኣል። ካብ ሕጊ ዝወጸ ብሕጊ ዝእዝዞ መሰረት ሕጋዊ ስጉምቲ ይውሰደሉ። እዚ ክብል ከለኹ ኩሎም ሕግታት ቁኑዓት ወይ ጉጉያት እዮም ማለተይ ኣይኮነን። ንኹሉ ወይ ንገለ ኣካል ሕብረተ ሰብ ዝሃስዩ እሞ መርትዖ ዘለዎም ምስ ዝኾኑ ብሕጊ ተሓቲቱ ሕጋዊ ፍታሕ ክግበረሎም ይሕተት። ዝተሓተ ሕቶ መልሲ ምስ ዘይርከቦ እቲ ኣማራጺ ዝበሃል ስጉምቲ ይጥለብ።

ኩሉ ሰብ መሰል ኣለዎ። ፍኑው መሰል ግን የለን። ሕጊ ምስ ዝኽብር መሰል ይሕሎ።
**ገለ ብሕጊ ዘይፍቀዱ መሰላት ንምጥቃስ፡**
* ሃገር ኣሕሊፍካ ክትህብ ዘፍቅድ መሰል የለን
* ሃገር ከተዕኑ ዘፍቅድ መሰል የለን
* ህዝቢ ክትበታትን ዘፍቅድ መሰል የለን
* ክትሰርቕ ዘፍቅድ መሰል የለን
* ክትዕምጽ ዘፍቅድ መሰል የለን
* ክትቀትል ዘፍቅድ መሰል የለን
* ክትግብት ዘፍቅድ መሰል የለን
* ከተጻልም ዘፍቅድ መሰል የለን
* ናይ ካልእ ንብረት ከተዕኑ ዘፍቅድ መሰል የለን
* ሕጊ ዘየፍቅዶ ነገር ክትገብር ዘፍቅድ መሰል የለን፡ . . . ወዘተ

**ገለ ብሕጊ ዝፍቀዱ መሰላት ንምጥቃስ፡**
* ኣብ ትሕቲ ሕጊ ኮንካ ንዘይሕጋዊ ወይ ዘይሕጋውያን መሲሎም ዝተራኣዩ ነገራት ክትሓተሎምን ክትማጎቶም ዘፍቅድ መሰል ኣሎ።
* ንዘይትሰማማዓሉ ነጥብታት ወይ ሓሳባት ብሕጊ ክትቛወሞ ዘፍቅድ መሰል ኣሎ።
* ክትሓትትን ክትሕተንን ዘፍቅድ መሰል ኣሎ
* ዝኾነ ሰብ ሕጊ ብዘይሃሲ ሃይማኖቱ ክቕይር መሰል ኣለዎ
* ኣብ ሃገርካ ክትነብር ዘፍቅድ መሰል ኣሎ
* ናይ ዝመረጽካያ፡ ዝመረጸቶ ምምርዓው መሰል ኣሎ።
* ኩሉ ሰብ ብሕጊ ዝቕየድ ንዜጋ ዝፍቀዶ መሰል ኣለዎ፡ . . .ወዘተ

ትርጉም መሰል ብጉቡእ ከይተረዳኣካ ብዛዕባ መሰል ክትዛረብ ኣዝዩ ኣሸጋሪ ኣብ ርእሲ ምኳ፣ ተበለጽቲ፡ ኣድሓርሓርቲ፡ ጠለምቲ፡ ከድዓት፡ ዑሱባት፡ ከደምቲ ወዘተ፡ . . . ንግሩሃት፡ መጋበርያ ክጥቀሙሎም ዱኹም ጎድንታት መዝሚዞም፡ መንግስቲ መሰልካ ገፊፉካ፡ ንዓ ንመሰልካ ምሳና ተሰልፍ እናበሉ ትርጉም ዘይብሉ መብጽዓታት እናተመባጽዑ ናብ ጉጉይ መስመር ዝመርሑ ኣይተሳእኑን።
**ገለ ካብ ጸይቂ ተግባራቶም ንምግላጽ፣**
*ኣንድነት ምስ ኢትዮጵያ፡

*ግብሪ ወሕወዩ ሃገር (2%) ኣይትኽፈል፡ መንግስቲ ሻዕብያ ከግምጠል እዩ
*መንነት ኤርትራ ኣይተውጽእ
*ንዓድካ ገንዘብ ኣይትስደድ ህግድፍ ዶላር ክይረክብ፣ እንተሰደድካ ብሓዋላ
*ናይ ጣዕሳ ወረቐት ኣይትምላእ ናይ ስደት መሰልካ ክይትግፈፍ. . .ወዘተ፡ እቲ ገፈጥ መፈጥ ቡዙሕ'ዩ።

ኩሉ ሰብ ክፈርልጦ ዘለዎ እዞም ንምትላል ዝተዓጥቁ ሸቃጦ ትርጉም መሰል ኣጸቢቖም ይፈልጡዎ እዮም። ምኽንያቱ ሓደ እዋን ባዕሎም ዝምህሩሉ ዝነበሩ እዩ። ንሱ ጥራሕ ዘይኮነ ዘለዎም ትምህርቲ ዎዮድኣ ኣብ ጥቕሚ ህዝቦም ካብ ምውዓል መሳርሒ ወያነ ጌሮሞ እምበር ሓደ ዜጋ እንታይ ምስ ዘማልእ እዩ መሰሉ ዝኽብር፣ ወይ እንታይ ምስ ዘየማልእ'ዩ መሰሉ ዝግፈፍ፡ ብኽለሳ ሓሳብ ይኹን ተግባር ተዋሲኦምሉ ኔሮም እዮም። ልዕሊ ሰውራዊ ተሞኩሩኦም ግላዊ ረብሕኦም ስለ ዝዓብለለ ነቲ ሃብታም ተሞኩሩኦም ኣብ ጉሓፍ ደርቢዮሞ። ሕጂ ጉቡእካ ኣይትግበር እናበሉ፡ ናይ ጉቡኡ ምግባር መሰሉ ይገፉዎ ከምዘለዉ ኩሉ ክፈልጦን ጸረ ተግባራቶም ደው ክብልን ይግባእ።

መሰል ካልኦት እናገፈፍካ ንመሰል ህዝቢ ንቃለስ ኣሎና እናተባህለ ዝግበር ሾቦሮታት መምዘኒ ዓቕሚ ናይቶም ወዓልቱ እዩ። ብዙሕ ኣብነታት ብተቓወምቲ ኢና በሃልቲ ዝፍጸም መሰል ካልኦት ምግፋፍ ክጥቀስ ይካኣል። ነዊሕ ክይከድና ግን እቲ ኣብ ቀረባ እዋን ኣብ ሆላንድ መሰል ዋዕላ መንእሰያት ህ.ግ.ደ.ፍ. ንምግፋፍ ዝተፈተነ ፈትነ፡ እሞ ንሃንደስቱ ዘይሕጋዊ ሾቦሮ ጌርኩም ተባሂሎም ኣብ ካርሾሊ ዝተዳጎኑሉ፡ ብገበን ዝተወንጀልሉ፡ ዕዳ ዝተሰከሙሉ ክጥቀስ ይከኣል።

**ደገመ፡** ከስምረሉ ዝደሊ ** ሃገር ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ዘእቱ፡ ሃገር ዘድፍር፡ ድሕነት ሃገር ዘስግእ፡ ሃገር ክብራ ኣብ ዝድፈረሉ ሃይማኖተይ ኣየፍቅደለይን እዩ ኢሉ/ላ ንድሕነታ ንኽይሰለፍ ዝሕንግድ፡ ዘፍቕድ መሰል ኣብ ዝኾነ ሃገር የለን።

መሰልና'ዩ እናተባህለ ሓድነት ህዝብናን ግስጋሰ ምዕባለ ሃገርና ንምስንኻል ዝፈታተነና። ንግሩሃት ሙቁራት ዝመስላ ውሽጣዊ ትሕዝቶታተን ግን ፈላላዩ ብተፈላለየ ስም ዝጥመቓ ማሕበራት ኣብ ሞንጎ ኣብ ደገ ዝነብር ህዝብና ዕግርግር ንምእታው ዝካየድ ዘሎ ግሁድ ፖሎቲካዊ ዓመጽ ኩሉ ህዝብና ክፈልጦ ይግባእ። እዘን ዓይነት ማሕበራት ከም ጉቡእ ኣዎንታውን ሕድራውን ተግባራት ክፍጽማ ምተገብኤ። ንሕና ኤርትራውያን ብዓይንና ዝረኤናዮ፡ ብኣካል ሓመድ ዘልበስናዮም/የን ስዉኣት ካብ ተዘከሮታትና ዘይተሰወሩ ሰማእታት፡ ኣሎዉና። ሰማእታትና ብድሕርኦም ውላድ ወይ ኣረገውቲ ወለዲ ገዲፎም ንራህዋ ብዙሓት ክብሉ ሂወቶም ከፊሎም እዮም። ሎሚ ልዕሊ ዝኾነ ይኹን እዘን ማሕበራት ቁኑዕ መንፈስ ሒዘን ኣብ “ደበስ ስድራቤ ሰማእታትና፡ ምሕብሓብ ስንኹላትናን” ክዋፈራን ክጉስጉሳን፡ ናይ ጽቡቕ ኣርኣያ ኣብነት ክኾና ምተገብኤን። ማሕበር ግብረ ሰናይ ኤርትራ ተባሂለን ብቁኑዕ መንፈስ ምተጻውዓ። ብፍላይ ብረት ዓጢቖም/ቓን ኣብ ሜዳ ኤርትራ ተጋደልቲ ዝነበሩን ዝነበራን ነቶም ተመሊሶም/ን ዓገብ ከምዚ ኣይነበረን ማሕላና ክብሉና/ና ዘይክእሉ/ላ ሰማእታትና ምርሳዕ ብጣዕሚ ዘሕዝን እዩ።

ሎሚ ዓዱ/ዓዳ ኣበይ እዩ እናተባህለ፡ ብኻልሽ ወገን ከኣ ቆንጠጠፈን ኣምዔን ብሓንሳብ ዝድቅሱሉ ግዜ ኣሎና። ነቲ ህዝቢ ኤርትራ ብጽንዓት ብትብዓት ብተወፋይነት ዘመዝገቦ ቃልሲ ንነጻነት፡ ዓለታውያን ሕንኽ ክይበሉ ሸፍትነት እዩ ኔይሩ እብሉ ኣለዉ። ነጻነት ከም ናይ ውሱናት ኣውራጃ ዋንነት ጌሮም የታልሉ ኣለዉ። ሕሉፍ ሓሊፎም ሃገር ዝመርሑ ዘለዉ ደቂ ዓዲ እገለን፡ እገለን እዮም፡ ካብዚኦም ደርጊ እንተዝህሉ ምሓሸና ዝብሉ ሓኪሎም ዘሔክሉ ኣይተሳእኑን።

ህዝቢ ኤርትራ መዓስ ጽጋብ ሸንዲሑዎ ኮይኑ ሂወቱ ከኽፈል ብረታዊ ቃልሲ ዘበገሰን ኩቡር ደሙ ዘፍሰሰን። ሰላማውያን ሰባት መሰልና ይተሓለወልና ስለ ዝበሉ ተረሺኖም። መግዛእቲ እኳ እዚ'ዩ ፈድዩና፣



*The Ethiopian forces tried to weaken the morale of the population of Eritrea by hanging innocent citizens.*

*እዚ ጽሑፍ ደርጊ ኣብ ልዕሊ ህጻናት ዝፈጸሞ ፋሺሽታዊ ተግባር ይዝንቱ። እቶም ደርጊ ምሓሽና ትብሉ ምስ ተጻባእትና ኮንኩም ህዝቢ ኤርትራ ከተድምዩ ትጽልዩ ኢኹም።*

***Massawa, April 22*** ፥ *Two small boys sit under a fence, both are wounded and bleeding, watching the aftermath of the air raid -- people being dug out of the rubble, the dead being buried. The older one, his head bandaged, is screaming, from both pain and bewilderment, but falls silent for a moment. The younger boy touches him on the shoulder. "Are they going to bury us too?" he asks. "No, no," his brother reassures him, "we might get taken to the hospital.*

*በዚ ዘጋጥመና ዘሎ ተጻብኦታት ልዕሊ ኩሉ መሰሎም ዘይረኸቡ እቶም ሃገር ኣብ ምውሓሳን ምህናጻን ተጸሚዶም ልዕሊ ጉቡኡ ዘገልግሉ ዘለዉ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ እዮም። እዚ ከኣ ኮነ ኢልካ በታ ንህላወ ወያነ ትከላኸል ዘላ መንግስቲ ኣሜሪካ ኣብ ረብሓኣ እንተዘይኮይኑ ኣብ ፍትሒ ዘይትኣምን፡ ነቲ ሕጋዊ መዕለቢ ዝተገብረሉ ጉዳይ ዶብ ኣብ ተግባር ዊዒሉ ሰላም ከይርከብን መሰል ሰራዊትን ህዝብናን ከይማላእ ንወያነ ኣሻዲና ጅሆ ገራቶ ዘላ።*

*እቲ ካብ ኩሉ ዘሕዝን ግን እዘን ኣብ ትሽትሽ ጸላእትና ተሸኩዔን ብፍርዲ ዝተወደኤ ውሳኔ ዶብ ኣብ ተግባር ከይውዕልን፡ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝተበየነ እገዳ ከይልዓል ዝማጎታ ጉጅለታት ተቓውሞ ንወፍሪ ኣገልግሎት ናብ ዘይተደልየ ግዜ ክመጦ ምኽኣሉ እዩ። እዘን መሳርሒ ሓያላን መንግስታት ኮይነን ተቖጺረን ዘለዉ ጉጅለታት ተጻብኦ፡ ከምቲ ኣብ በዓል ግብጺ፡ ሊብያ፡ ሶማልያ፡ ደቡብ ሱዳን፡ ዒራቕ፡ ሱርያ፡ ወዘተ. . .፡ ዝተፈጥረን ተፈጢሩ ዘሎ ህዝባዊ ቅልውላው ኣብ ሃገርና ንምእታው ስለ ዝኾነ፡ ህዝብና ንግዝያዊ ሽግሩ እናትሔ ነቲ ናይ ሩሑቕ ጠመተ ኣብ ተግባር ንምውዓል እናሰርሔ፡ ተንኮላት ጸላእትና ብትርን ብሓድነትን ከምክቶ ኣማራጺ ዘይብሉ መስርሕ እዩ።*

*ህዝቢ ኤርትራ ቀልጢፉ ዓንዲ ሕቖ ሰውርኡ ክኸውን ዘገደዶ፡ እቲ ኣብ ልዕሊ ሰላማውያን ህዝቢ ዝፍጸም ዝነበረ ብጅምላ፡ ዓቢ ንእሽቶይ፡ ሰብኣይ ሰበይቲ፡ ዘይፈሊ ግፍዓዊ መቕተልቲ፡ ምእንቲ መሰሉ ሂወቱ ክኸፍል ኣምሪጹዎ እዩ። እዚ ከምዚ ዝኣመሰለ ግፍዒ ዘሕለፈ ህዝቢ፡ ሎሚ ድሕሪ ነጻነት፡ ካብኡ ዝተወልዱ ነዚ ዝተሓለፈ ስቓይ ከድገም ምስ ዓመጽቱ ተሰሊፎም ከድሚዩዎ ክሓስቡን ክሰርሑን ኣይምተገብኤን። ንመወከሲ እዚ ሓጺር ክፋል ኣብ ልዕሊ ህዝብና ዝተፈጸሙ ግፍዕታት ዝነገር ሰለዳ ንመልከት።*

***Some list of massacres committed during the Eritrean War of Independence by barbarian Ethiopian troops.***
*The **Eritrean War of Independence** was fought as a guerrilla campaign by two main Eritrean liberation fronts, first by the Eritrean Liberation Front (ELF) and then, after the Eritrean Civil War, by the Eritrean People's Liberation Front (EPLF) against the Imperial Army of the Ethiopian Empire, and later by the Marxist Derg. This asymmetrical campaign against Ethiopian control left the Army at a disadvantage and so it embarked on a policy of destroying Eritrean villages.[citation needed] It was hoped that this would prevent the separatists from continuing their campaign. Listed below are some of the major civilian massacres committed by both the Ethiopian Empire and the Derg.*

| Date | Deaths | Location | Description of event |
| --- | --- | --- | --- |
| 1967-07-24 | 172 ሰላማውያን | Hazemo | Several villages wiped out and the throats of men slit in front of their wives and children. |
| Late 1967 | Approximate 50 ሰላማውያን | Akordat | Students suspected of being members of the ELF were hanged in the center of town. Parents of the slain were forced, by the Ethiopian Army, to unhang their dead children and take them home. |
| 1970-01-17 | 60 ሰላማውያን | Elabared | The village elders were rounded up for supporting the Eritrean Liberation Front and killed. |
| 1970-11-30 | 120 ሰላማውያን | Basik Dera | The entire village was rounded up into the local mosque and the mosque's doors were locked, the building was then razed and survivors were shot. |
| 1970-12-01 | 625 ሰላማውያን | Ona | Ethiopian Army units surrounded the village killing civilians and burning down the village. |
| 1974-07-10 | 170+ ሰላማውያን | Om Hajer | |
| 1974-12-28 | 45 ሰላማውያን | Asmara | Students were strangled to death using piano string, their bodies were dumped in alleyways and doorsteps. |
| 1971 | Apprኦጽ. 70 ሰላማውያን | Keren | Students and youth suspected of supporting the ELF were publicly executed by hanging. Family members were forced to attend the execution and cut down their children from the noose. |
| 1975-02-14 | 331-500, 3000 ሰላማውያን | Asmara, Surrounding villages | Shortly after an EPLF attack on two Ethiopian divisions, Ethiopian troop fire upon civilians gathered in Churches, homes and schools. |
| 1975-02-02 | 80-103 ሰላማውያን | Woki Duba | During an engagement with the EPLF and ELF the Ethiopian Army attacked the church where villagers had taken refuge. |
| 1975-03-09 | 208 ሰላማውያን | Agordat | After several ELF attacks on the town the Ethiopian Army retaliated on the local population. |
| 1975-04-17 | 235-470 ሰላማውያን | Hirgigo | Killed the entire village. |

| | | | |
|---|---|---|---|
| August 1975 | 250 ሰላማውያን | Om Hajer | The villagers were machine gunned in front of a river to prevent escape. |
| 1976-12-30 | 105 ሰላማውያን | Hirgigo | Turn into ash. |
| 1985-10-19 | 39 ሰላማውያን | Mogoraib | |
| April, 1988 | 3 ሰላማውያን | Agordat | Killed by aerial attacks. |
| 1988-05-04 | Unknown # ሰላማውያን | Shebah | |
| 1988-12-05 | 400+ ሰላማውያን | She'eb | The dead were mostly women and children as the men had moved to the towns to eke out a living for their impoverished village. |
| 3–4 April 1990 | 67 killed, 125 wounded ሰላማውያን | Afabet | Aerial attacks |
| 24 April 1990 | 50 killed, 110 wounded ሰላማውያን | Massawa | Aerial attacks, cluster bombs<br><br>Throughout the conflict Ethiopia used "anti-personnel gas and weapons of mass destruction. |

ሰብ ካብ ሰብ ተሞኩሮ ዝመሃር እኳ ኣንተኾነ፡ ማሃሪና ክንመርጽን ዕላማኡ/ኣ ክንፈልጥን የድልየና። ዋላውን ዓርኪ ኣብ ንመርጸሉ ግዜ ኣማራርጻና ቱኽረት ዘለዎ ክኸውን ኣለዎ። ኣብ ባህልና ብዙሓት ምሳሌታት እንድዮም ዘለዉ፣ ሓደ ካብኦም " መን ምኧንካ ክፈልጠካስ ፡ ምስ መን ከም እትኸይድ ንገረኒ ዝበሃል ኣሎ" እዚ እንታይ ማለት'ዩ፡ መካይድኻ ኩዳዕ እንተኾይኑ፡ ኩዳዕ ክትከውን ዘለካ ተኽእሎ ዝለዓለ'ዩ ዘስምዕ። ምስ ጅግና ትኸይድ እንተ ኮንካ ድማ ጅግና ናይ ምኧ ዘሎካ ተኽእሎ ሓያል'ዩ። እዚ ኣበሃህላ'ዚ እንታይ የጠንቅቐና መምስ ዝሃለለ ክንሃልል ከምዚይብልና። ከብቲ እኳ መኻይደን ዝፈልጣ ፡ ሰብ ግዳ ዝላዓለ ትዕድሊ ኣእሙሮ ዘለዎ። ክንጋገ ንኽእል፣ ኣብኡ ተሸኺልና ክንነብር እንተኾይና ግን ትሕቲ እንስሳ ኢና ማለት'ዩ።

ስለዚ እዚ ንርእዮ ዘለና ምህላል መሰለይ ተገፊፉ ብዝብል ምኽንያት፡ መሰል ጉቡእካ እናኣማላእካ ተዋህልሎ ህያብ ድኣንበር ከም ገጸ በረከት ትዕደሎ ኣይኮነን። ኩልና ኣብ ሓደ እዋን መሰልና ከም ዝተገፈፍና ኮይኑ ክስማዓና ይኽእል እዩ። ወይ'ውን ተነፊጉና ክኸውን ይኽእል። እቲ ቀንዲ ክንፈልጦ ዘሎና ግን መሰልና ብጀካ ባዕልና ካልእ ክዕድለና ወይ ክመልሰልና ከምዚይክእል ምርዳኣ እዩ።

መሰልናን መሰል ህዝብናን ሃገርናን መታን ብኻልኦት ከይድፈር፡ ኣብ ዘዘለናዮ ኮና ጉቡእና ምስ ንፍጽምን፡ ሃገርናን መንግስትናን ኣሕሊፍና ከይሃብና፡ ንጉድለታትና ብንጹህ ሕልና፡ ብሃገራዊ መንፈስ ምስ እንዘራረብ ጥራሕ ኢና እቲ ዝደለ ለውጢ ከነመዝግብ ንኽእል። እቶም ንነገራት ጠማዚዞም ካብ እንፈትዋ ሃገርና ኣፋቲሖም፡ ኣብ ስደት ከብልዩናን፡ ባሮት ዳኖት ክገብሩና ዝደልዩ፡ ጉቡእናን መሰልናን ከምንፈልጥን፡ ፈታሕቲ ጸገምና ባዕልና ድኣንበር ዳኖት ከምዘይኮኑ፡ ካብዘን ብሰንኪ ምትእትታው ምዕራባውያን ህውከት ኣትዩወን ዘለዋ ሃገራት ተማሂርና ስለ ዘሎና፡ ሃገርና ኣብ ከምኡ ዝመሰለ ሽግር ከምዚይነውድቓ ንነግሮም። " """"ብሰንኪ ንቑጽ ይነድድ ሩሑስ ከይንኸውን"""""""

*ሰማእታትና ንዘልኣለም ክዝከሩ ይንበሩ*

*ዓወት ንሓፋሽ*

*ገብረንጉስ መስመር*

*መስከረም 25/207*